## ናይ “ጽልኢ ገበን” ማለት እንታይ ማለት ኢዩ?
**(What is “HATE CRIME”?)**

ሓደ ናይ ጽልኢ ገበን ፍጻሜ ዝኾነሉ፣ ንሸኻትኩም ወይ ቤተሰብኩም በዞም ዝኽተሉ ምኽንያታት ዓመጽ ወይ መጉዳእቲ ክወርደኩም ከሎ ማለት ኢዩ፣

- ብዜግነትኩም፣ ናይ ዓለትኩም መበቆል፣ ሕብሪ ናይ ቆርበትኩም፣ እዚ ዓሌታዊ ጽልኢ ገበን ተባሂሉ ይፍለጥ፣
- ናይ ጾታኹም ምልላይ፣ እዚ ድማ ክቱር ጽልኢ (ሆሞፎቢክ) ናይ ግብረ-ሰዶም ዝንባሌ ዘለዎም ሰባት፣
- ብናይ ሃይማኖት እምነትኩም፣ እዚ ድማ ሃይማኖታዊ ጽልኢ ገበን ይበሃል፣
- ኣካለ ስንኩል ብምዃንኩም፣ እዚ ድማ ናይ ኣካለስንኩላን ጽልኢ ገበን ይበሃል፣

ናይ ጽልኢ ናይ ግልኹምን ናይ ሲቪልኩም መሰላት ዝጥሕስ ኢዩ፣ ናይ ጽልኢ ገበናት ኣንጻር እቲ ዕላማ ዝተገበረሉ ግዳይ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነ ብጠቕላላ ኣንጻር ፍሉይ ጉጅለ ኢዩ። እዚ ናይ ጽልኢ ገበን እንተተቓለሐ ጥራሕ ኢየን እተን ወኪላት ኣንጻሩ ስጉምቲ ክወስዳ ዝኽእላ። ዝኾነ ሰብ ንሸኻትኩም መን ምዃንኩም ወይ ካበይ ከምዝመጻኩም ጥራሕ ከጨንቐኩም፣ ከፈራርሓኩም ወይ ክወቕዓኩም መሰል የብሉን።

## ንሓደ ናይ ጽልኢ ገበን ከመይ ይጠርዕ?
**(How Do I Report a Hate Crime?)**

ንሸኻትኩም ሓደ ኣባል ቤተሰብኩም ወይ ዝኾኑ ካብ ኣዕርኹትኹም ናይ ጽልኢ ገበን እንተኾንኩም፣ ናብቲ ናይ ወስት ኖርዝወስት ናይ ኣባይቲ ቤት ጽሕፈት ኬድኩም ነዚ ገበንዚ ንሓደ ኣባል ናይ ሰራሕተኛታትና ክትነግሩዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብተወሳኺ ድማ፣ ንሓደ ኣባል ናይ ሰራሕተኛታና ንገዛኹም ክመጽእ ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ ሽዑ ናይ ጽልኢ ገበን ትነግሩዎ፣

ከምኡ'ውን ናይ ጽልኢ ገበን ዓዲ እንግሊዝ ጠጠው ይበል ንዝብል ውድብ ብቴሌፎን ቁጽሪ 0800 138 1625
ጌርኩም ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ናይ ብሓቂ ህጹጽ እንተኾይኑ ግና፣ ንፖሊስ ብቍጽሪ ቴሌፎን 999 ደውሉሎም።

## ነቲ ናይ ጽልኢ ገበን ምስ ነገርኩ እንታይ ይኸውን?
**(What happens when I have reported the Hate Crime?)**

እቲ ሰብ መን ምዃኑ እንተፈሊጥና ማለት በቲ ናይ ጽልኢ ገበን ተኸሲሱ ዘሎ እሞ ናትና ተኻራዩቲ እንተኾይኖም፣ ነቲ ጉዳይ መርሚርና ክንከታተሎ ኢና።

ካልኦት ወኪላት ክኣትውኦ ትደልዩ እንተኾንኩም እቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንፖሊስ ናይ ጽልኢ ገበን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ጠጠው ይበል (ስቶፕ ሀይት ክራይም ዩከ ኤንድ ቪክቲም ሳፖርት)፣ ከምኡ ድማ ናይ ግዳይ ሓገዝ ንዝበሉ ውድባት ክነሕልፎ ኢና። ሽዑ ንሳቶም ምሳኹም ክራኸቡ ኢዮም።

ሓንሳብ እቲ ገበን ምስ ተፈትሐ ወስት ኖርዝወስት ኣባይቲ ናይ ዓማዊል ዕግበት ፎርም ክትመልኡዎ ክሰደልኩም ኢዩ።

# <u>ናይ ጽልኢ ገበን ኣገልግሎት ንድፊ መምርሒታት</u>
**(DRAFT HATE CRIME SERVICE STANDARDS)**

ከም ክፋል ናይ ወስት ኖርዝወስት ናይ ሊድስ ኣባይቲ ኣንጻር ጽልኢ ገበን መብጽዓ ዝኣትወሉ እቲ ናይ ኣገልግሎትና መምርሒታት ከምዚ ዝስዕብ ይብል፥

ንሕና፥

- ንጽልኢ ገበን ፍጻሜ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተፈጸመሉ መዓልቲ ጥርዓን እንተ ቀሪቡ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና
- ብናይ ዓሚልና ፍቓድ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ክነመሓላልፈሎም ኢና ንፖሊስ፥ ጸረ ማሕበራዊ ተግባራት ኣሃዱ ከምኡ ድማ ንኻልኦት ግዱሳት ጉጅለታት፥ እዚ ናይ ጽልኢ ገበን ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ስራሕ መዓልታት፥ ጥርዓን እንተቐሪቡ ማለት ኢዩ
- ነቶም ናይ ጽልኢ ገበን ግዳያት ዝኾኑ ብዝቐረበ ምኽርን ሓበሬታን ምሃብ
- እቲ ናይ ጽልኢ ገበን ምስተፈጸመ እሞ ጥርዓን ምስ ቀረበ ነቲ ፍጻሜ ምክትታል
- ከም ኣድላይነቱ ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን ኣስተርጓሚ ምቕራብ
- ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዓሌታዊ ወይ ጸረ ገብረ-ሰዶም ጽሑፋት ምልጋስ
- እቲ ገበን ዝፍጽም ሰብ ኣብ ናይ Arms Length Management Organisation (ALMO) ተኻራያይ እንተኾይኑ ነቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ከምዘኽብሮ ምግዳድ
- ንኻላኦት ዝካርዩ ሰብ-ገዛ እንተተኻኢሉ እሞ ብፍቓድ ናይቲ ዓሚል ብዛዕባቲ ፍጻሜ ምንጋሮም፥ ኣቲ ገበን ፈጺሙ ተባሂሉ ዝተኸሰ ሰብ ናቶም ተኻራያይ እንተኾነ
- ብምዱብ ኣሰራርዓ ንጽልኢ ገበን ንምቅላስ ምስ ፖሊስን ካልእ ወኪላት ኣኼባታት ምግባር
- ንሰራሕተኛታትና ብመደብ ጌርካ ብዛዕባ ናይ ጽልኢ ገበን ትምህርቲ ምሃብ
- ብዛዕባ ናይ ጽልኢ ገበን ፍጻሜታት ምክትታልን ግምገማ ምሃብን ከምኡ ድማ ናይ ዓማዊል ዕግበት ኣብ ነፍስ ወከፍ 4 ኣዋርሕ ምክትታልን ግምገማ ምግባርን፥ነዚ ድማ ናይ ዝመጽእ ናይ ምዕባለ ፖሊስ ንምሕባር ምጥቃም
- ንዓማዊልናን ሰራሕተኛታትን ኣብ ነፍስወከፍ 4 ወርሒ ነቲ ሓበሬታ ከምዝፈልጥዎ ምግባር (ምቅላሕ)
- ነቶም ናይ ናይቲ ቦታ ሽማግለ ኣብ ነፍስወከፍ 4 ወርሒ ብዛዕባ ናይ ጽላኢ ገበን ፍጻሜታት ጸብጻብ ምቕራብ።

*ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ጽልኢ ገበን እንተደሊኹም በጃኹም ንሓደ ካብቲ ናትና ናይ ከባቢ ኣባይቲ ቤት ጽሕፈታት ደውሉሎም።*